ቢሮ ማይን ኢነርጅን ክልል ትግራይ ካብ ዩኒሰፎ ብዝተረከበ በጀት ንዝተፈላለዩ ወረዳታት ግልጋሎት ዝዉዕል ሳፕ መርሲቪል ፓምፕን :ሲዊች ቦርድ : ባይፕስን ፊቲንግን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሕዳር 13, 2017 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 1, 2017 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:100,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:500
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 1, 2017 3:15 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ቱቦታትን ኣክሰሰሪታትን/ ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

ዝደለ ዓይነት : ንብረት ሳፕ መርሲቪል ፓምፕ ሲዊች ቦርድ ባይፕስን ፊቲንግን : ዝቀርበሉ ቦታ ድማ ቢሮ ማይን ኢርጅን

1 ናይ 2017 ዓም ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግዲ ዘለዎ : ምስክር መቅረባይነትን : ቲን ናምበር ዘለዎ ከቅርብ ዝክእል ተመዝጋቢ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝኮነን ናይ ወርሒ ጥቅምቲ 2017 ዓም ናይ ተወሳኪ አሰት ታክስ ሒሳብ ዝገበረሉ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

2 ንዝተዳለወ ዝርዝር ጨረታ ካብ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ክልል ትግራይ ታሕተዋይ ደብሪ ቁፅሪ 11 ብሪድዩ ካብ ዝተጋወሐሉ ጀሚሩ ካብ ዕለት 17/ሕዳር /2017 ዓም ክሳብ ዕለት 1/4/2017 ዓም ኣብ ዘሎ ግዜ ዘይምለስ 500 ቅርሺ ብምክፋል ሰነድ ጨረታ ምዉሳድ ይከኣል

3 መከበሪ ጨረታ 100,000 ቅርሺ ብመልክዕ ስፒአ ወይ ከዓ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ባንኪ ጋራንቲ ምስ ቴክኒካል ጨረታ ሰነድ አታሓሒዙ ከቅርብ ዝክእል

4 እቲ ጨረታ 1 ታሕሳስ 2017 ዓም ሰዓት 3:00 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 3:15 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከቡ ይክፈት

5 ተጫረቲ ሐደ ዋና ቴክኒካልን ፋይናንሽል ሰነድ ነንበይኑ ብፖስታ ዝተዓሸገ ከምእዉን ሐደ ቅዳሕ ቴክኒካል ክልተ ቅዳሕ ፋይናንሻል ነንበይኑ ብፖስታ ዝተዓሸገ ሰነድ ብምቅራብ ኣብ ዝባን እቲ ፖስታ ዋናን ቅዳሕን ተባሂሉ ብግልፂ ክፃሓፈሉ አለዎ

6 እቲ ቢሮ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

7 ኣድራሻ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ክልል ትግራይ መቐለ ንተወሳኪ ሐበሬታ 0952270027

8 መተሓሳሰቢ ናይ ጨረታ መዕፀወኒ መክፍተኒ ዕለት ኣብ ባዕልመእንተዉዒሉ ኣብ ዝፅል መዓልቲ ዝክፈት ይከዉን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle